DESEMBER 2020. SPRÅK: [TIGRINJA]

# ክታበት ኮሮና ብ 1-2-3

ሓጺር ሓበሬታ ካብ Folkehelseinstituttet/ፎልከሄልሰ ኢንሱቲቱተት ብዛዕባ ክታበት ንኮሮና ሕማም ኮቪድ



## ናይ ኮሮና ክታበት ክወስድ ዝግብኦ መን እዩ፧

እቶም 65 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝዕድሚኦም

እኹላት ዕድመ ኮይኖም ሓደ ሓደ ሕማም ዘለዎም

እቲ ክታበት ብነጻ ዝወሃብ እዩ



## እቲ ምኽታብ ብኸመይ መንገዲ እዩ ዝግበር፧

እቲ ክታበት ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ኢድካ (ምናትካ) ብመርፍእ እዩ ዝወሃብ።

እቲ ክታበት ክልተ ግዜ ኣብ ናይ ሰሙናት ፍልልይ ዝወሃብ እዩ።

እተድኣ ቁጥዐ ሰብነት (ኣለርጂ) ሃልዩካ፡ መድሃኒት ትጥቀም ኴንካ ወይ ሕማም ሃልዩካ ክትሕብር ከም ዘለካ ዘክር።




## እቲ ክታበት ክሳብ ክንደይ ውጽኢታዊ እዩ፧

እቲ ክታበት ካብ ሕማም ኮርና ኮቪድ-19 ይከለኸል እዩ።

እቶም ዝበዝሑ ድሕሪ 1-2 ሰሙን እቲ ካልኣይ ክታበት ምስ ወሰዱ ምክልኻል የጥርዩ እዮም።

እቶም ክታበት ዝወሰዱ እቲ ስሩዕ ናይ ለበዳ ሕማም ቁጽጽር ሕግታት ክኽተልዎ ኣለዎም።

FHI



## እቲ ክታበት ብኸመይ መንገዲ እዩ ዝሰርሕ፧

እቲ ክታበት ሰብነትካ ነዚ ኮሮና ቫይረስ'ዚ ኣለልይዎ ክጸንሕ ስለ ይምህሮ ኣንጻሩ ይከላኸለልካ።

ትሕዝቶ ናይቲ ክታበት ብቕልጡፍ ካብ ሰብነትካ ይወጽእ/ይጠፍእ።

ግና ሰብነትካ ነዚ ቫይረስ'ዚ ብኸመይ ክከላኸሎ ከምዘለዎ ይዝክሮ።



## ጎድናዊ ሳዕቤናት

እዚ ክታበት'ዚ ዓቢ ምርምራዊ መጽናዓቲ ኣብ ኣሽሓት ሰባት ተፈቲኑ እዩ። እቶም ንቡራት ጎድናዊ ሳዕቤነት ድማ

- ቃንዛ ኣብቲ መርፍእ ዝተወጋእካሉ ቦታ
- ድኻም
- ሕማም ርእሲ
- ሓፈሻዊ ቃንዛ ሰብነትካ
- ቁሪ ቁሪ ምባልን ረስንን

እዚኣቶም ጎድናዊ ሳዕቤናት ደስ ዘብሉ ኣይኮኑን ግና ድሕሪ ቁሩብ መዓልትታት ይገድፉኻ እዮም።



## ዘይልሙድ ጎድናዊ ሳዕቤናት

እንተድኣ ድሕሪ ክታበት ዘይልሙድ፡ ብርቱዕ ወይ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ምልክታት ተራእዮሙኻ፡ ምስ ሓኪም ወይ ካልኦት ናይ ጥዕና ሞያውያን ተራኸብ።

እንተድኣ ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ኮሮና ክትፈልጥ ደሊኻ ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ፎልከሄልሰ ኢንስቱተት መርበብ ሓበሬታ ርኣ: https://www.fhi.no/kvp